# ኦርቶዶክሳዊ ሕይወት
# Orthodox Spirituality

ብቀሺ ኣትናቴዎስ ገብረ-ኣብ

1. ኦርቶዶክሳዊ ሕይወት፥ ሕይወት
   ገያሻይ (ተጓዓዛይ)
2. ኦርቶዶክሳዊ ሕይወትን ምሥጢራዊ ሱታፌ
3. ኦርቶዶክሳዊ ሕይወትን ኣምልኾን
4. ጾምን ጸሎትን ኣብ ህይወትና።

Part 1: The Christian Life as a Journey.

Part 2: The Centrality of the sacramental life.

Part 3: Praying the Liturgy in the Christian life.

Part 4. The Christian Disciplines of Praying & Fasting.

ኣተኵሮ ናይ ሎሚ ትምህርትና፦

ኦርቶዶክሳዊ ሕይወት፥

ሕይወት ገያሻይ (ተጓዓዛይ)

**ቃል ኣምላኽ፥ ክርስትና ህይወትና እንታይ ክመስል ከምዘለዎ ብዝተፈላለዩ ኣብነታት (ሰእልታት) ይገልጾ።**

**(metaphors)**

**Metaphors**

ማለት፥ ንሓደ ነገር ብሕቡኣዊ መገዲ፥ ኣብ መንጎ ክልተ ብዙሕ ርክባት ዘለወን ንዘይመስሳ፥ ግን ከኣ ገለ ተመሳሳልነት ዘለወን ነገራት እናነጻጸርካ ምርኣይ ማለት እዩ።

A **metaphor** is "A figure of speech which makes hidden comparison between two things that are unrelated but share some common characteristics."

መጽሓፍ ቅዱስ፥ ንህይወት ክርስትና ምስ ህይወት ወትሃደር የነጻጽሮ።

“እቲ ቓልስና…ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኲሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።”

(ኤፌሶን 6፡10-18)



ቃል ኣምላኽ ንህይወት ክርስትና ምስ ተቐዳደምቲ ጕያ የነጻጽሮ

“ንኹሉ ዚኸብደናን ነቲ ዚጠብቀናን ሓጢኣትን ነርሕቕ፣ በ ኣብ ቅድሜና ተሐንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ኸኣ ብትዕግስቲ ንጕየ”

(ዕብ 12፣1)።



ኣብነት፣ ኣበበ ቢቂላ ኣብ  ማራቶን ቶክዮ 1964.

ነዚ ጎይታና ኢየሱስ ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፥

“ስለ ስመይ ኢሉ፡ ኣባይቲ ዅሉ፡ ወይስ ኣሕዋት፡
ወይ ኣሓት፡ ወይ ኣቦ፡ ወይ ኣደ፡ ወይ ሰበይቲ፡
ወይ ውሉድ፡ ወይ ግርሁ ዝሐደገ፡ ሚእቲ
ዃዕበት ኪረክብ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወትውን
ኪወርስ እዩ”

(ማቴ. 19፡29)።

ቃል ኣምላኽ ንህይወት ክርስትና ምስ “ብርሃን” የነጻጽሮ።

“ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም። ኣብ ከረን ዘላ ኸተማ ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ” (ማቴ. 5፡14)።



ቃል ኣምላኽ ሕይወት ክርስትና ምስ ጨው የነጻጽሮ።

“ንስኻትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም” (ማቴ. 5፥14)።



ሎሚ ብሓባር ክንርእዮ ደልየ ዘለኹ ቃል ኣምላኽ ዝጥቀመሉ <u>መነጻጸሪ ኣብነት</u> (metaphor) እቲ ንህይወት ክርስትና ከም ኣብ **ጒዕዞ** ዘሎ (ገያሻይ) ሰብ ገይሩ ንዝጥቀመሉ መነጻጸሪ ኣብነት ይኸውን።



ኣብዛ ዓለም ገያሾት ምኽንና ዝጥቀመሉ ቃል
እቲ “pilgrims” ዝብል ቃል እዩ።

ትርጒሙ ድማ ኣብ ገለ ቦታ ንዝተወሰነ ጊዜ
ተቐሚጥካ፥ ነቲ ቀጻሊ ዝኾነ ጉዕዞኻ
መመሊስካ እትጅምሮ ምኽንካ የስምዕ። እቲ
ጉዕዞ ድማ መንፈሳዊ ዕላማ ዘለዎ እዩ።




# መገሻ ቅዱስ
# ሳራጵዮን
# ሲንዶኖታዊ ናብ
# ሮማ

(ካብ ግብጻውያን ኣቦታት
በረኻ ራብዓይ ክፍለ ዘመን)

St. Serapion the
Sindonite

ብዛዕባ ሓንቲ ኣዝያ በይና ጸሎት ጥራይ እናብጽሔት እትቕመጥ
ሰበይቲ (recluse) እስኪ ክርእያ ኢሉ ከይዱ፥ "እንታይ ደኣ
ትገብሪ ኣሎኺ ስኻ ኢልኪ ኮፍ ኢልኪ?" ኢሉ ሓተታ።
ንሳ ኸኣ፥ "ኮፍ ኢለ ጥራይ ኣይኮንኩን። ኣብ ጉዕዞ እየ ዘለኹ"
ኢላ መለሰትሉ።

ግሪኻውያን ኣቦታት
ቤተ ክርስቲያን ነዚ
ናትና መገሻ
ኪገልጹዎ እንከለዉ
ምስቲ ደቂ እስራኤል
ንኣርብዓ ዓመት ኣብ
በረኻ ሲና ዝኾለሉዎ
መገሻ የነጻጽርዎ።



“እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና…”

(2 ቆሮ. 5፥1)።

ኣብ ገዛ ዘይኮነ ኣብ ድንኳን እንነብር ህዝቢ ኢና።

ንምንታይከ? መንፈሳዊ ህይወትና ኩልሳብ ኣብ መገሻ ስለ ዝኾንና።





ጳጳስ ካሊስቶስ ዌር ኣብቲ ፍሉጥ ዝኾነ “መገዲ ኦርቶዶክስ (*The Orthodox Way*)” ዝብል መጽሓፎም ከምዚ ኢሎም ይገልጹዎ፥

“ንሕና (ከም ክርስቲያናት) ብውሽጢ ልብና ኣብ ጉዕዞ/መገሻ ዘሎና ህዝቢ ኢና። እዚ ጉዕዞና ድማ ኣብ ኢድና ብእንኣስር ሰዓታት፥ ወይ ብመዓልትታት ናይ ዓውደ ኣዋርሕ ዝዕቀን ኣይኮነን። እዚ መገሻና/ጉዕዞና ካብ መዐቂኒ ጊዜ ወጺእካ ንዘለኣለምነት ዝወስደና መገሻ እዩ” ብማለት ይገልጽዎ።

"We are on a journey through the inward space of our heart, a journey not measured by the hours of our watch or the days of the calendar, for it is a journey out of time into eternity."

ክርስቲያናትሲ ካብ መጀመርታ
መጸውዒኦም "ክርስቲያን"
ኣይነበረን። እታ ክርስቶስ ባዕሉ
ዝተኸለ እምነት መጸውዒኣ እንታይ
እዩ ነይሩ?

ገያሾ ዝኸዱዋ መገዲ ክርስትና

“እታ መገዲ”ን

እያ ትበሃል ነይራ።

“በቲ ቕነቲ ብዛዕባ እዚ መገዲዚ ብዙሕ ዕግርግር ኰነ”

ግ.ሃዋርያት 19፥25

“ፌሊክስ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ናይዛ መገዲ እዚኣ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈለጠ፡ ሊስያስ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ፡ ምስ ወረደ፡ ሽዑ ነገርኩም ኣጸቢቐ ኽምርምር እየ፡ ኢሉ እቲ ነገሮም ይጽናሕ ሐደጎ”

ግ. ሃዋርያት 24፥22

“የሱስ ከኣ፥ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን”

ዮሃንስ 14፡6።

# መኣስ እያ እዛ ጉዕዞ እንጅምራ?

ጸጋ ጥምቀት ዝተቐበልናላ መዓልት መንፈሳዊ ጉዕዞና ንጅምር



ዛንታ ቅድሚ 35 ዓመት ዝተፈጸመ ገያሻይ።

The unfortunate story of the person who, 35 years ago, set out on a journey to drive to Washington DC and got lost .



1. ኦርቶዶክሳዊ ሕይወት፥

   ሕይወት ገያሻይ (ተጓዓዛይ)

2. ኦርቶዶክሳዊ ሕይወትን ምሥጢራዊ ሱታፌ

3. ኦርቶዶክሳዊ ሕይወትን ኣምልኾን

Part 1: The Christian Life as a Journey

Part 2: The Centrality of the sacramental life

Part 3: Praying the Liturgy in the Christian life.